# ጎቦታት ኤረትራ ብርሑቕ ክትዕዘቦ

ኤርተራ ሃገርና አቀማምጥአ ብጎቦታት፤ ብባሕርን፤ ርባታትን ጐልጎልን ዝተወቀበት መሬት ኮይና ኩነታት ክሊማአ ድማ ዝነውሖ ጊዜ ማእከላዊ ማለት ምጡን አየር ኮይኑ ንጥዕና ጽቡቕ፤ ንገያሾ ደቂ ሃገርን ወጻእተኛታትን’ውን ዓዳሚ ኢዩ። አብ ገለ ቦታት’ ውን ንውሱን ወርሐት ተሪር ቁርን ብርቱዕ ዋዕን ይርከባ። ህዝብና ምስቲ ኩነታት አየር ናይቲ ቦታታት ከም ዝተሰማምዖ አብ ከበሳ፤ መታሕትን ገማግም ባሕርታትን ይነብር።

ጎቦታት ኤርትራ ስንሰለታዊ አቀማምጥኦም አብ ገለ ቦታታት ዓቦይቲ አብ ገሊኡ ድማ ንኣሽቱ ኩርባታት ኮይኖም ብዓቦይቲ አእማን፤ አግራብን ሳዕርን ተሸሊሞም ዓቦይትን ንአሽቱን እንስሳታት ዘቤት፤ ዘገዳምን አዕዋፍን አብ ማእከሉ ፋሕ ኢሎም መግቦም ማእሪሮም ጸጊቦም ክጻወቱ፤ ክኣየዩ ዝተፋላለየ ድምጺ ክህቡን ክትሰምዕ፤ ክትርእዮም ከሎኻ አብ ሂወትካ ሐዲሽ መንፈስ የሕድረልካ። ጐላጉል መሬት ሃገርና’ውን በብዓይነ ቱ ዘራእቲ በቑልዎ ብንእሽትኡ ቀጠልያ ክመስል፤ ሸዊቱ ብጫ ሕብሪ ለቢሱ፤ ምስነቐጸ’ውን ጻዕድዩ ክዕጸድ፤ ክብተኽ ክጭጨፍን ዝርአየ ሐረስታይ ሕዝብና ጥራይ ዘይኮነስ ምሉእ ሕዝቢ ብጸጋታት ፍርያት መሬት ሃገሩ ሐጎስ ይሐድሮ። ደቂሰባት አብ ዓለም ብተስፋ ኢዮም ዝነብሩ፤ ፍርያት መሬቱ በብደረጃኡ ካብ ጊዜ ዘርኢ ክሳብ ጊዜ ዓጺድ ተኸታቲሉ ዝርአየ ህዝብና ደማ ተሐጉሹ ዓመት ጽጋብን ራህዋን ከምዝኾነ ይትስፎ። ርባታትን ራህያታትን ጽሩይ ማይ መሊኦም ሰብን እንስሳን ብዘይስግአት ይሰትዩ። ጓሶት ከብቶም ሳዕሪ በሊዔን ማይ ሰትየን አብ ለሰ ደቂሰን ነጻ ኮይነን ከዕርፋ ከለዋ ዝረአዩ ጓሶት አብ ሂወቶም ቅሳነት ስለዘሕድረሎም ሐጎሶም ብዝተፋላለየ ሃገራዊ ጸወታን ደርፍን ይገልጽዎ። ነዚ ዝርአየን ዝሰምዔን ሰብ ድማ ሐደ ጓሳ አብ ልዕሊ ጥሪቱ ዘለዎ ፍቅሪ ክሳብ ክንደይ መሳጢ ከምዝኾነ ይበርሃሉ። መንእሰይ ተመሃራይ ፍቕሪ ትምህርቱ ተኾሊፉ ንሳዋ ሃገራዊ አገልግሎት ተባሂሉ ብአስገዳድ ከምዝኸይድ መንእሰይ ጓሳኸ ፍቕሪ ጥሪቱ ተኾሊፉዶ ብአስገዳድ ሃገራዊ አገልግሎት ተባሂሉ ንሳዋ ይኸይድ ይህሉ? መንእሰይ ኤርተራ ዝናብዮም፤ ዝጥርቶም ዝነበረ አረጋውያን ወለዲ ውላዶም ንአገልግሎት ምስከደ ዝለመድዎ አገልግሎት ምትራፉ ጥራይ ዘይኮነስ ፍቅሪ ውላዶም ስለ ዝተፈልዮም ሽው-ሽው ሕማም የጥቅዖም። ከብቲ’ውን ከይጠምያ ጸቡቅ ሳዕሪ ዘብልዔን ከይጸምአ ጽሩይ ማይ ዘስትየን ጓስኤን ክፍለየን ከሎ ዝለመድኦ አገል ግሎትን ፍቕሪን ስለዝጎድለን ዘጋጥመን ሽግር ካብቲ ናይ አረጋውያን ወለዲ ዘጋጠሞም ሕማም አይፍለይን።

ባሕሪ ሃገር’ውን ከምናይ ካልኦት ባሕሪ ዝውንና ሃገራት ጸጋ ሃብተን ብዝኾነ ዓይንት ከይብከል ተቆጻጺረን አጽርየን መቐበል አጋይሽ ሆቴላት ቤት ብልዕታት በብዓይነቱ ናይ ስፖርት መጻወቲ ቦታታት ሰሪሔን አብ ጥቅሚ ገንዘቦም ንዘዋፈሩ ሰባትን ረብሐ ሃገረን ዘውዕላኦ ዘለዋ ድአ አይኹን እንበር ዘይተገንጸለ ምሉእ ሃብቲ ዝውንን አሎና።

አብ ዝሐለፈ ናይ ሰላሳ ዓመታት ሰውራዊ ቃልስና አቀማምጣ ቅርጺ መሬት ኤርትራ፤ ገማግም ባሕሪ፤ መታሕትን ከበሳን ጽላልን ዕርድን ኮይኑ፤ እትዋት ሃብቲ ሃገር ድማ ዕጥቅን ስንቅን አፍርዩ፤ ንጽምኢን ጥምየትን ተጋዳላይ ተኸላኺሉ አንጻር ግዝአት ኢትዮጵያ አትሪርና ተቃሊስና ክንዕወት ሐጊዙ ኢዩ። ጸላኢ አብ መሬት ኤርትራ አብ ዝጸንሐሉ ዓመታት ክንድቲ አብ ልዕሊ ሕዝብና ዘውረዶ መቕተልትን ግፍዒታትን ንአቀማምጣ መሬትና አፍሪሱ፤ ንሃብቲ ሃገር አብሪሱን ዘሚቱን ጥራይ ዘይኮነ ደማ አብ ሃገር መሪር ስምብራት ዝገደፈ ብዓለም ዝተወገደ መርዚ ተኩሹን አባሪዑን ኢዩ።

ድሕሪ ሃገራዊ ነጻነት ምሉእ ህዝቢ ኤርትራ አብ ውሽጢ ሃገር ዝጸንሖ፤ ተጋዲሉ ነጻነት ዘምጽኤ ተጋዳላይ፤ አብ ወጻኢ ሃገር ስደት ዝቕመጥ ህዝቢ ብሐፈሻ ኩሉ ህዝቢ ዓቢ ምስ ንእሽቶ ብሐደ ተጠሚሩ አብ ትሕቲ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ተማእዚዙ ነቲ አብ ሃገር ብናይ ጸላኢ ሐይልታት ዝተፈጸመ ዕንወትን ብርሰትን እንዳሃነጸ፤ ሃገራዊ ቁዋም ሐንጺጹ፤ አምራጺት

ኮሚሽን መዲቡ ብዝግበር ናይ ተዋዳደርቲ ምርጫ ህዝቢ ብዘድመጸ ብዝሒ ድምጺ ዝረኸበ ተዋዳዳሪ ቀዋሚ መራሒ ሃገር ቀይሙ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ምስ ወጻኢ ዓለምን ብሰላምን ፍትሕን ክትመሓደር ኢዩ ዕላማና። እንተኾነ ግን እታ ዝተመዘዘት ኣምራጺት ሽማግለ ንዝተዋህበቶ መደባት ኣገባብ ሃገራዊ ምርጫ ስርሐ እነዳካየደት ከላ ፍትሕን ሕግን ዘሰንበዶ ዲክታትረ ኢሳያስ ንኹሉ ኣገባ ብን መደባትን ሃገራዊ ምርጫ ብኢደወነኑ ንኸይግበር ጠጠው ኣቢሉ ኣምከኖ።

ሃገራዊ ቁዋም ዓቢ መስርሕ ናይ ሓደ መንግስቲ ተግባርን ስልጣንን ዚውስን ኢዩ፡ ማለት ነቲ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳሩ ዝርከብ ህዝቢ መሰላትን ግዴታን ስለ ዘረጋግጽ። ህዝቢ ኤርትራ ሃገር የመሐድርዩ ዝበሎ ሃገራዊ ቁዋም ሐንጺጹ ኢዩ፤ ናይ ሕግን ፍትሕን ፈራሕ መራሒ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ድማ ንሕሉፍን ህልውን ገበናቱ ክሽፍን፤ ንመጻኢ ዝፍጠሩ በደላቱ'ውን ከም ድላዩ ኣብ ልዕሊ ሕዝቢ ክዕንድርን ክሻድንን ምእንቲ ክጥዕሞ ንሃገራዊ ቁዋም ባዕላዊ ስልጣኑ ተጠቂሙ ኣብ ከብሐ ዓሺጉዎ ይርከብ።

ግፍዕታት፤ ቅትለትን ዕንወትን ጸላኢ ዝመረሮ ህዝብና ብዘለዎ ዓቅሚ ፈላጥ ብፍልጠቱ ብዓል ገንዘብ ብገንዘቡ፤ በዓል ሞያ ብሞያኡ ሃገሩ ንኸሃንጽ ሐኒኑ ዝተ በገሰ ህዝቢ'ውን ዲክታቶር ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ምእንቲ ስልጣኑ ከደልድል ኣብ ህዝብን ሰራዊትን ጽልኢ ፈጢሩ፤ ሕጂዶ ፈላጣት፤ ሞያተኛታት ሰብገንዘብ ኮይኖም ኣብ ልዕሊቲ ነጻነት ዘምጽኤ ተጋዳላይ ክርእዩ ኮይኖም ኢሉ ክፍኣት እንዳሐሰበ ከሎ ሐላይ ተመሲሉ ንኹሉ ህዝቢ ብፍልጠቱ፤ ብንብረቱ፤ ብገንዘቡን ጉልበቱን ኣብ ምህናጽን ምልማዕን ሃገር ንኸይውዕል ዕንቅፋት ኣተኣታትዩ ዘይትካእ ዓቢ ሃጓፍ ፈጢሩ ኣሎ። በቲ ካልእ ተንኮላቱ'ውን ኹሉ ሃገራዊ ሰራዊት፤ ኹሉ ተወላዲ ሃገር ምእንቲ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ከእቱን ስልጣኑ ከደ ልድልን ክብል በብጊዜኡ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ባእሲ እንዳጻሕተረ ብሰበብ ወራር ዶብን ድፍረት ልዑላውነት ሃገርን ኣመሳሚሱ ዓቢኡን ንእሽትኡን ኩሉ ወዲ ሃገር ኣብ ግንባራት ዶባት ኤርተራ ኣብ ዕርድታት ተዘኒቡ መዋእሉ ዘሕልፎ ዘሎ ዘይሰብኣዊ መነባብሮ ንሕና ደቂ ሃገር ንፈልጦ ጥራይ ዘይኮነስ ምሉእ ዓለም ዝፈልጦ ሐቂ ኢዩ።

ወተሃደር ጸላኢ ንጎቦታት ኤርተራ ኣማዕድዩ ክርኢ ከሎ፤ ብምልኡ እቲ ቦታ ብተጋደልቲ ዝተሸፈነ ኮይኑ ኣብኡ ተኾስቲሩ ከምዝተርፍ ይኣምን፤ ኣብ ጎላጉል ኤርተራ እንተጠ መተ ድማ ኣብኡ ተጸፍዮም ጸኒሖም መላስ ኣውያት ዘይብሉ ከምዝኹስትርዎ ይርድኦ፤ ንገማግም ባሕሪ ኤርተራ እንትተመልከተ'ውን ካብ ማእከል ማይ ባሕሪ ኤርተራ ወጺኦም ከም ዝርሽርሽዎ ስለ ዝፈልጥ ንትእዛዝ ኣሕልቅቱ ነጺጉ ኣብ ክንዲ ንቕድሚት ንድሕሪት'ዩ ዘድሐርሕር ዝነበረ፤ ናይ ኣሕሉቅቱ ቀዛፊ ትእዛዝ ዘጽልኦ ናይ ኣቀማምጣ መሬት ኤርተራ ዘባህረሮ ወተሃደር ጸላኢ ትምኒቱን ጸሎቱን ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ መሬት ክሳብ ተኸፊቱ ክውሕጦ ሐንሳእን ንሐዋሩን ብሞት ከዕርፍ ኢዩ ነይሩ ጭንቀቱን ፍርሐቱን፤

እንብኣርከስ እቲ ንዓመታት ብናይ ከበድቲ ብረት ተኾሲ፤ ብተባራዕትን ነቶጉትን ወተሃደራት ጸላኢ ሂወቱን መልክዑን ዝተበላሸወ መሬትና ኣብቲ ንቡር ሂወቱ፤ መልክዑ ክምለስ ዝግብኦ ዝነበረ ማለት ጎቦታት ብኣገራብን ሳዕርን ተሸፊኑ መውዓሊ ከብቲ፤ መዓንደሪ ምራኹት፤ መውዓሊ፤ መሕብኢ እንስሳ ዘገዳም ክኸውን ዘነበሮ ኣይረኸቦን፤ ጎላጉል መሬትና ብዝተፋላለየ ዓይነት ዘራእቲ ለሚዑ ህዝቢ ዝሕጎሰሉን ዝትስፈወሉን ዝግብኦ ኣይተዓደለን፤ መሬት ገማግም ባሕሪ'ውን ናይ ልምዓት ትካላት ኣዋፊርካ ንረብሐን ጥቅምን ህዝቢ ክውዕል ነይርዎ፤ ብዓቢኡ ድማ ሃብቲ ባሕሪና ግዝያዊ መሳራሒታት ኣተኣታቲኻ ሃብቲ ሃገር ኣብ ረብሐ ህዝብን መንግስትን ክውዕል ዝነበሮ ኣይተገብረን።

ዘራጊት ማይ ከላ ጽሩይ ማይ ነይስተ ከምዝብሃል ግን መላኺ ስርዓት ኢሳያስ ነቲ ኣፍራሲን ኣዕናውን ስርዓቱ ወፍሪ ልምዓት ዝብል ሽም ኣጠሚቑ ኩሉ መንእሰይና ወተሃደር ዓስኪሩ ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ሃገር መደበር ተዓሊም ከፊቱ ጎላጉል ቦታት ሃገር ብረግጺ ወተሃደራትን

ተሸከርከርቲ መኻይንን ደቦቅቦቃ ኮይኑሎ። ሽልማት ኅቦታት ዝኾኑ አግራብ ንብዝሒ መዓስከር ወተሃደራት ዘገልግል ዕንጨይቲ ተቆሪጾም ይነዱ አለዉ። ሃብቲ ባሕሪ’ ውን ኩሉ ንወዲ ሃገር ዝግባእ ወፍሪ ስለተኸልከለ ንናይ ወጻእተኛ ታት ገፈፍቲ ዓሳ ተቓሊዑ መዋጠጢ ነገር ኮይኑሎ። እንብአር መልክዕ ሃገር ዝኾኑ ሰንሰለት ኅቦታትና አብ ውሽጢ ሃገር ከብለጭልጬ
ዝግባእ ምስሎም፤ መዓርግ ሽልማቶም ተቐነጢጡ ይርኤሎ። ብኹነታት አየራን ብጀኦግራፊያ አቀማምጣአን ዝተመርጸት ኤርትራ አብ ኅቦታት አፍሪቃ ከተብለጭልጭ ዝነበራ ሎሚ አብ ውሽጣ ዝነብር ህዝባ ሰላምን ራህዋን ስለዝተነፍጎ ዶብ ሰጊሩ አብ ውሽጢ መጻልእቲ ሃገሩ መዓስከር ሰሪሑ ነብሱ ካብቲ አረሚናዊ ተገባራት ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ከድሕን ተሰዲዱ ይነብር አሎ። ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፈ. በብጊዜኡ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ናይሐሶት ፕሮፓጋንዳን አታላልን ሃዳድን ቃላቱ ካብቲ ዝፍክረሉን ዝጀሃረሉን ዝነበረ ስልጣኑ አብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ህዝቢ ነቲ ወሪድዎ ዘሎ መሪር መነባብሮን ብፍላይ ድማ ነቲ ሰላም ዝኸልእ ናይውሽጢ ሐለዋ ጸጥታ አንጻሩ ጠጠው ኢሉ ንመሰሉ ብግቡእ ይሐትትን ይቓወምን አሎሞ ኩሉ ደላይ ሰላምን ራህዋን ነዚ አብ ሃገርና ተፈጢሩ ዘሎ አንፈት ሰላምን ደሞክራሲን ምእንቲ እቲ ተቐባል ሽግርን ሕሰምን ዝኾነ ህዝብና ክርህዎ እንፈትዋ ሃገርና ድማ ካብ ዓውዲ ውግእን ተጻብኦታት ናይ ደገ ሐይልታትን ሰላም ክወርሳ ኩሉ ደላይ ሰላምን ፍትሕን ወዲ ሃገር ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብዕቱብ ክቃለስ እዚ ተረኺቡ ዘሎ ምቹእ ጊዜ ይሐቶሎ።

ሰላምን ፍትሕን ብሐድነትን ሐይልን ህዝቢ ክዕወት’ዩ፤
ዘለአለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስዋትና፤

ገብረዝጊ አፈወርቂ
**18 ታሕሳስ 2008**